Australian Government

**BE COVIDSAFE**

# ኮቪድ–19: - ምልክታት ምፍላይ

| ምልክታት | ኮቪድ-19<br>ምልክቱ ካብ ቀሊል እስካብ ከቢድ | ጉንፋዕ<br>ምልክቱ ቀስ ኢሉ ይጅምር | ሰዓል<br>ምልክቱ ብሃንደበት ይጅምር | ኣለርጂታት (ቁጥዐ)*<br>ምልክቱ ምናልባሽ ብሃንደበት ወይ ቀስ ኢሉ ይጅምር |
|---|---|---|---|---|
| ረስኒ | ልሙድ | ዘይልሙድ | ልሙድ | የለን |
| ሰዓል | ልሙድ | ልሙድ | ልሙድ | ልሙድ (ኣዝማ) |
| ዝቖሰለ ጉሮሮ | ሓደ ሓደ ግዜ | ልሙድ | ሓደ ሓደ ግዜ | ሓደ ሓደ ግዜ (ኣብ ጎሮሮን ትሕናግን የሳሕይ) |
| ትንፋስ ምሕጻር | ሓደ ሓደ ግዜ | የለን | የለን | ልሙድ(ኣዝማ) |
| ድኻም | ሓደ ሓደ ግዜ | ሓደ ሓደ ግዜ | ልሙድ | ሓደ ሓደ ግዜ |
| ቁርጥማትን ቃንዛን | ሓደ ሓደ ግዜ | የለን | ልሙድ | የለን |
| ቃንዛ ርእሲ | ሓደ ሓደ ግዜ | ልሙድ | ልሙድ | ሓደ ሓደ ግዜ |
| ንፋጥን ኣፍንጫ ምዕፋንን | ሓደ ሓደ ግዜ | ልሙድ | ሓደ ሓደ ግዜ | ልሙድ |
| ውጻኣት | ዘይልሙድ | የለን | ሓደ ሓደ ግዜ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ቆልዑ | የለን |
| እንጥሹ ምባል | የለን | ልሙድ | የለን | ልሙድ |

*ብናይ ዓለም ለኸ ጥዕና ትካል (WHO)፣ ናይ ኣሜሪካ ማእከል መቆጻጸሪን መከላኸሊን ሕማም (the US Centers for Disease Control and Prevention)፣ ከምኡውን ናይ ኣሜሪካ ናይ ኣለርጂ፣ ኣዝማን ሕማም መከላኸሊን ኣካዳሚ (the American Academy of Allergy, Asthma and Immunology) ዝተዳለዉ ጽሑፋት ዝተወሰደ። *ናይ መተንፈሲ ኣካላት ኣለርጂታት፣ ኣለርጂክ ሪህናይቲስ (ሕማም ጽግ)፣ ከምኡውን ናይ ኣለርጂ ኣዝማ የጠቓልል። ካልኦት ዝተለምድዱ ናይ ሕማም ጽግ ምልክታት ኣፍንጫኻ ምስሓይ፣ ዓይንኻ ድማ ምስሓይን ምንባዕን ይርከብዎም። ኣብ መንጎ ናይ ኮቪድ-19፣ ኢንፍሉዌንዛን ጉንፋዕን ምልክታት ማእኸል ዘሎ ፈላላይ መሚኻ ምፍላጥ ኣዚዩ ኣጸጋሚ እዩ። ዝኾነ ዝመሓላለፍ ወይከዓ ናይመተንፈሲ ኣካላት ሕማም እንተሃሊዩካ (ንኣብነት ዝቖሰለ ጎሮሮ፣ ቃንዛ ርእሲ፣ ረስኒ፣ ሕጽረት ትንፋስ፣ ናይጭዋዳ ቃንዛ፣ ሰዓል ወይውን ናይ ኣፍንጫ ምንፋጥ) ናብ ሥራሕ ኣይትኺድ። ንነብስኻ ፍለይ ከምኡውን ብበዓል ሞያ ሕክምና ክትራኣይ ኣገዳሲ እዩ። ናይኮቪድ-19 መርመራ ድማ ከድልየካ ይኽውን እዩ። ብበዓል ሞያ ሕክምና ናፃ ምኧንካ ከይተረጋገጸ ናብ ሥራሕ ክትምለስ የብልካን። ንስኻ ትግደሰሎም ሰባት ሃለዋቶም ደሓን ምኧኖም ምርግጋጽ ኣድላዪ እዩ። ከም ኣለርጂክ ሪህናይቲስ (ሕማም ጽግ)ን፣ ናይ ኣለርጂ ኣዝማ ዝኣማሰሉ ናይ መተንፈሲ ኣካላት ኣለርጂ ምልክታት ዘለዎም ሰባት ኣብ ገዝኦም ክፀንሑን እቲ ምልክታት ክጅምሮም ከሎ ድማ ናይ ኮቪድ-19 መርመራ ክገብሩ ኣለዎም፣ ዘየተጸበይዎም ምልክታት ኣብ ነብሶም እንተተዓዚቦም፣ እዙይ ድማ ካብዝተለምደ ዝተፈለየ ወይከዓ ዝባኣሰ ወይውን ብተለምዶ ንዝወሰድዎ መድሓኒት ምላሽ ዘይህብ እንተኾይኑ ናይኮቪድ-19 መርመራ ይግበሩ።*

ብዛዕባ **ኮሮናቫይረስ (ኮቪድ-19)** ዝበለጸ መረዳእታ ንምርካብ ናብ **health.gov.au ኪዱ** www.**health.gov.au/resources/translated** ድማ ብጽሑ ወይውን ባብ ግልጋሎት ትርጉምን መስተርጎሚን ብ **131 450** ደውሉ።

DTDT0001045